# ዳግመ-ምምስራሕ ኣብ እነካይደሉ ግዜ፡ ኲልና ዕዉታት ንኸውን

**ንመጠቕለሊ ወይ ጋዜጣ ንዳግመ-ምምስራሕ ኣብ እትእክብሉ ኩሉ ግዜ፡ ናይቲ ክኸውን ዘለዎ ዓቢ ነገር መጀመርታኡ እዩ።**

ናይ ቀደም መኽደኒ (ባሊቃ) ጥርሙዝ፡ ንኣካላት ማካይን ናብ ዝኸውን ሓድሽ ቀጸላ ሜታል (ዚንጐ) ክቕየር ይኽእል እዩ። ጥርሑ ባኮ መሕጸቢ ሳሙና፡ ንኣብነት ሓድሽ ካርቶን ፒሳ ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ትማሊ ጋዜጣ፡ ቀንዲ ዜናታት ዝሓዘ ናይ ጽባሕ ጋዜጣ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንጥረ-ነገራት ተፈጥሮ፡ ዳግማይ ኣብ ኣገልግሎት ከምዝውዕል ብምግባር፡ ብዙሕ ጸዓት ከምዝዕቀብ ይኸውን። ከምዚ ብምግባር፡ እንቕመጠላ ዝበለጸት ዓለም ንኽንፈጥር ኲልና ንሕግዝ ኣሎና።

## ዳግመ-ምምስራሕ

ተረፍ መረፍ ጓሓፍ መግቢ ባዮ ጋዝን ባዮ መዳበርያን ኮይኑ እንደገና ክስራሕ ከሎ፣ እቲ ተረፍ መረፍ ዝግታ ከኣ ኤለትሪክን ሙቐትን ይኸውን። ሓድሽ መጠቕለሊታት ወይ ሓድሽ ፍርያት ንምፍራይ ተባሂሉ ዳግመ-ምምስራሕ ንኽካየደሉ፡ እተኣከበ መጠቕለሊታትን ጋዜጣታትን ይወሰድ። ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊታት፡ ንኣብነት ናይ ፕላስቲክ መገዓዓዚ ሳንጣታትን ዳግም እተመስርሔ መትሓዚታትን ንምሕጻብ ዜገልግል ማተርያላዊ እትዋት ክኸውን ይኽእል። ናይ ቬትሮ መትሓዚታትን ናይ ወረቐት መጠቕለሊታትን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ካልእ ዓይነት መጠቕለሊታት ይኸውን። ብሓጺን ዝተሰርሐ መዐሸጊ ዳግም ብምስራሕ መንኰርኰር ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ዝተነበቡ ጋዜጣታት ድማ ልስሉስ መሐበሲ ናይ ክሽነ ወረቐት ወይ ሓድሽ ጋዜጣ ክኸውን ይኽእል።

## ኣከባብያዊ ክፍልታትን ማእከላት ዳግመ-ምጥቃምን

ጎሓፍ መግብን ተረፍ ጎሓፍን ኣብ ፍሉይ ሳንጣታት ኣብ እትነብረሉ ከባቢ ኣብ ዝርከብ መደበር-ዳግመ መጠቀሚ ዚግበረሉ ማእከላት ክድርበ ኣለዎ። ኣብ እትነብረሉ ቦታ ኣቕሑ መዐሸጊ ወይ ጋዜጣታት ክትገድፎ እንተዘይ ኪኢልካ ኣብ ሰብ ኣልቦ ዝርከብ ማእከላት ዳግመ-ምጥቃም ክትገደፎ ይግባእ። ንኹሉ ዓይነት መዐሸጊ ዚኸውን ኮንተይነራት ኣሎ ፣ እዚ ኸኣ ንፕላስቲክ ንወረቐት ንሓጺንን ጥርሙዝን ከምኡውን መብዛሕትኡ ግዜ ንጋዜጣታት እዩ ። ኣብቲ እትነብረሉ ዝርከብ መደበር-ዳግመ መጠቀሚ ሳንጣታት ዘይሰማማዕ ገዘፍቲ ወይ ዓበይቲ ጥቕላላት ኣብ መደበራት ዳግመ-ምጥቃም ወይ ዑደት ኣብ ዚካየደሉ ማእከላት ክግደፉ ይኽእሉ።

## ዝያዳ ሓበሬታ


ኣብ **www.sopor.nu** ኣብ ጥቓኹም ዘሎ መደበር ዳግመ-ምምስራሕ ኣበይ ከምዝርከብ ክትፈልጡን እቲ ረስሓት ከምእተጓሕፈን ከምዝጸረይን ከተረጋግጹን ትኽእሉ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ምፍላይ ጓሓፍ ዝምልከት መምርሒታት ሓበሬታን ፣ ፊልምታትን ኣብ ቦታ ዳግመ-ምጥቃም ኣለዉ።

ብዛዕባ ጎሓፍን ዳግመ-ምጥቃምን ሕቶታት ምስ ዝህልወካ፡ ንምምሕዳር ከተማኻ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ ዕብይ ዝበለ ጎሓፍ፣ ድኹዒ፣ ካልእ ጎሓፍን ዝምልከት ዝተፈላልለዩ ሕቶታት እውን ክምልሱ ይኽእሉ እዮም።

# ፈላሊኹም ጕሓፉ

**ብዝተኻእለ መጠን ንብዙሕ ጐሓፍ ዳግም ክነመስርሖ መታን ኽንክእል፡ ናትኩም ሓገዝ የድልየና እዩ።**

- ዝተፈላለየ ዓይነት ጎሓፍ ኣይትሓዋውስ።
- ናይ መግቢ ጎሓፍ ኣብቲ ንዕኡ ኢሉ ዝተዳለወ ፍሉይ ሳንጣ ጥራይ እዩ ክኣቱ ዘለዎ።
- ተረፍ ጎሓፍ ብጽኑዕ ኣብ ዝተኣስረ ቦርሳ ክቕመጥ ኣለዎ።
- መጠቕለሊታት፡ ምሉእ ብምሉእ ጥርሑ ኽትገብርዎን ከተንቅጽዎን ይግባእ። ካብ ሓደ ዓይነት ንላዕሊ ነገር እተዳለወ መጠቕለሊ ምስዝህልወኩም፡ በቲ ዝበዝሐ ክፋሉ እተዳለወሉ ዓይነት ንጥረ-ነገር ርኢኹም ፈሊኹም ጐሓፍዎ።



**ጓሓፍ ናይ መግቢ**

✓ ቁርጽራጽ ፍረታትን ኣሕምልትን፡ ናይ ዝእለኽ ቆጽሊ ሻሂ መትሓዚ ዳካ ናይ ቡን፡ ቅርፊት እንቋቑሖ፡ ኣዕጽምቲ ስጋን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለን እዩ። ነኣሽቱ ናይ ክሽነ ወረቐት እውን የጠቓልል።

✗ ፕላስቲክ፡ ትምባኾ፡ ሽጋራ፡ ዕምባባታትን ሽምዓን ከም ናይ መግቢ ተረፍ መረፍ ጓሓፍ ኣይቁጸሩን።



**ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊ**

✓ ንኣብነት፥ ናይ ፕላስቲክ ጥርሙዝ፡ ታኒካታት፡ ናይ ፕላስቲክ ሳንጣታት፡ ዝምላእ መዐሽጊ፡ ናይ ፕላስቲክ ብልቃጥ፡ ቆራዕራዕ ዝብል መትሓዚታትን ስትርዮፎምን። ንመወተፊታትን መኽደንን እለይዎ። እተፈላለየ ዓይነታት ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊ ንዘለዎ ሳንጣኹም፡ ኣብ ነፍስወከፉ ኽጉሓፈሉ ዘለዎ ፍሉይ መትሓዚታት ጐሓፍዎ። እዚ፡ ነቲ ድሕሩ ዝካየድ ክፋል ዳግመ-ምምስራሕ የቕልሎ።

✗ መጠቕለሊታት ዘይኮነ ካልእ ናይ ፕላስቲክ ፍርያት፡ ንኣብነት ኣቑሑ ገዛን ባምቡላታትን ዝኾነ ጐሓፍ፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጐሓፍ ተፈልዩ ኽጉሓፍ ይግባእ። ተመላሲ ጠራሙዝ፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ።



**ናይ ሜታል መትሓዚ**

✓ መትሓዚ ታኒካታት፡ ጥርሑ መንጸጊ ታኒካታት፡ መወተፊ ጥርሙዛት፡ መኽደኒታትን ጥርሑ ናይ ቀለም ታኒካታትን። ንበላሕቲ መኽደናት ኣብ መትሓዚ ታኒካታት ኣእትውዎ።

✗ ተረፍ ቀለም ወይ መጣበቒ (ኮላ) ዘለዎ ታኒካታት፡ ከም ሓደገኛ ጐሓፍ ተወሲዱ ኽፍላለ ይግባእ። ናይ ሜታል ጐሓፍ፡ ክፋላት ሻምብቆታት፡ መብሰሊ ባዴላታትን ዘይተሸፈነ ካልእ ፍርያታትን፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጐሓፍ ተቖጺሩ ተፈላሊዩ ኽጉሓፍ ይግባእ። ተመላሲ ታኒካታት፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ።



**ናይ ወረቐት መጠቕለሊ**

✓ ባኮ ፓስታ፡ ካርቶናት ጸባን ጽማቑን፡ ናይ ወረቐት ሳንጣታት፡ ሳጹን ሳእኒ፡ ቱቦ መጠቕለሊ ወረቐት ንጽሕና ከምኡውን ብካርቱን እተሰርሐ ሳጹናት። ሰጥ ኣቢልኩም፡ ኣብ ክልተ ዕጸፍዎ። ቦታ ንምዕቃብ ድማ ነቲ ንኣሽቱ መጠቕለሊ ኣብ ውሽጢ ዓቢ መጠቕለሊ ኣእትውዎ።


✗ ጾስጣታት፡ ከም ጐሓፍ ገዛ ወይ ኽቓጸል ዝኽእል ጐሓፍ ተቖጺሩ ክምዝፍለ ክኸውን ይግባእ። ጋዜጣታት፡ መዋዕውዒ በራሪ-ወረቐትን ከምኡ ዝኣመሰለን፡ ኣብቲ ንጋዜጣታት ንምጕሓፍ እተዳለወ መትሓዚ ከምዝዋህለል ክኸውን ይግባእ።



**ጋዜጣታት**

✓ መዓልታውን ሰሙናውን ጋዜጣታት፡ መጽሔታት፡ ካታሎጋት፡ መዋዕውዒ በራሪ-ወረቐት፡ መዘክርታትን መጽሓፊ/ናይ ስእሊ ወረቐት። ነቲ ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊታትን ተጣባቒ መዋዕውዒታትን እለይዎ።

✗ ጾስጣታትን እተጠርነፈ መጽሓፍትን፡ ከም ናይ ገዛ ጐሓፍ ወይ ኽቓጸል ዝኽእል ጐሓፍ ተቖጺሩ ተፈላልዩ ይጕሓፍ። ናይ ወረቐት ሳንጣታት፡ ካርቶናትን ንዕኡ ዝመሳሰል ነገራትን፡ ናይ ወረቐት መጠቕለሊ ንኽጉሓፈሉ ኣብ እተዳለወሉ መትሓዚ ከምዝውህለል ኽግበር ይግባእ።



**ዘይሕብራዊ ናይ ጥርሙስ መትሓዚ**

✓ ሕብራዊ ወይ ዘይሕብራዊ ናይ ቬትሮ ጠራሙዛትን ብልቃጣትን። መወተፊ፡ መኽደንን ባሊቃታትን ብምእላይ፡ ኣብቲ መጕሓፊኡ ተፈላሊዩ ከምዝጕሓፍ ክኸውን ይግባእ። ንሕብራውን ዘይሕብራውን ናይ ቬትሮ መትሓዚ፡ ኣብቲ ኽጉሓፈሉ ዘለዎ መትሓዚ ከምዝጕሓፍ ግበሩ።

✗ ተመላሲ ጠራሙዝ፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ። ዝበሰለ ካይላ፡ ሰራሚክስን መትሓዚ ኣብ ዘይብሉ ካልእ ፍርያትን፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጐሓፍ ተቖጺሩ ተፈላልዩ ኽጉሓፍ ይግባእ። ፈኲስ ኣምፑላትን ሻምብቆ መብራህትን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ኣብቲ እትቕመጥሉ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ሰራሕተኛታት ኣብ ዘለውዎ ማእከል ዳግመ-ምምስራሕ ክውሰድ ይግባእ።



**ተረፍ መረፍ ጓሓፍ**

✓ ጨርቂ ቆልዑት ፓምፐርስ፡ ቡስጣ ወይ ሰታሪት፡ መሕጸቢ ኣቕሑት ኣስፕኞ፡ ትምባኾ፡ መሕጸቢ ስኒ ብራሽን ጸጉሪ ኣብ መሕጸቢ ስኒ ዘሎን።

✗ ዳግማይ ክምስራሕ ዝኽእል ነገር ኣብቲ ስሩዕ ጎሓፍ ክኣቱ የብሉን! ሓደገኛ ዝኾኑ ጎሓፍን ኤለክትሪካዊ ጓሓፍን ኣብ ቦርሳ ጎሓፍ ክኣቱ የብሉን፤ ናብ ማእከል ዳግመ-ምጥቃም ክትወስዶ ይግባእ።

**የቐንየልና**

sopor.nu
Sveriges avfallsportal